# በታ የሱስ እተዛረባ ቃል . . .

. . . አሚኑ ኸደ” (ዮሃ 4፡50)።

“የሱስ ናብታ ማይ ናብ ወይኒ ዝለወጠላ፡ ናብ ቃና ናይ ገሊላ መጸ። አብ ቅፍርናሆም ከአ ወዱ ዝሓመሞ ሓደ አገልጋል ንጉስ ነበረ” (ዮሃ 4፡46-47)።

**እዚ ሰብአይ፡ አገልጋል ንጉስ፡ ናይ የሱስ ምምጻእ ሰሚዑ ናብኡ መጸ እሞ፡ ወዱ ኬሕውየሉ ንየሱስ ለመኖ። ብምልማኑ፡ ካብ የሱስ ዝተዋህቦ ምላሽ ግና ንግዜኡ ሕራይ አይነበረን። የሱስ ከኣ፡** “ትእምርትን ተአምራትን እንተ ዘይሬኤኹም አይትአምኑን ኢኹም” **በሎ። እቲ ሰብአይ ግና “ጐይታይ ወደይ ከይሞተ ንዓ ውረድ” ደአ በሎ** (ዮሃ 4፡47-48)።

**እዚ ሰብአይ እዚ ዓባይ እምነት ከም ዝነበረቶስ ተወሳኺ መግለጺ ወይ መብርሂ ዘድልዮዶ ይመስል? ኣይፋል፡ ብሩህ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ እቲ ጽሑፍ ይብል፡** “የሱስ ድማ ኪድ ወድኻ ሓውዩልካ በሎ” (ዮሃ 4፡50)። **እሞ፡ ሕጂ’ኸ እንታይ ኪብል ኢዩ? “እቲ ሰብኣይ ከአ <u>በታ የሱስ እተዛረባ ቃል አሚኑ ኸደ</u>”** (ዮሃ 4፡50)።

**ነዚ ሰብኣይ እዚ ኣብ ግምት ብምእታውሲ፡ ከመይ ዝበለት ዓባይ እምነት ከም ዝነበርቶ እስከ ቁሩብ፡ ኣብ ዘዘለናዮ ኹንና፡ ንርእስና እናመርመርና ንሕሰበላ። አነን ንስኻትኩምን እንተ ንኸውንሲ እንታይ ምበልና? ርግጽ ኢዩ ከምቲ ናይ ሽዑ፡ ሕጂ’ውን ዚዛረበናን ዚምህረናን ቃል የሱስ እዩ።** “እትልምንዎ ዘበለ ከም ዝረኸብኩም እመኑ እሞ፡ ኪኾነልኩም እዩ” (ማቴ 21፡22) **ይብል።**

**እምበአርሲ ከይረኤና፡ ነቲ ጐይታ ዘተስፈወና ዘበለ ኵለ ንእመን እሞ፡ ኪኾነልና ድማ እዩ። እዚ እቲ አዎንታውን፡ እቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚምህሮን ናይ ሓቂ እምነት እዩ። እሞ፡ እዚ አሉታዊ ወይ ድማ ዘይቅቡል ዝኾነ እምነት ከም ዘሎ ድማ የተንብህ፡ እሞ፡ ኪስሓት የብሉን።**



ጋሽ ነጋሲ ደስታ

**ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ቅድሚ ስቕለቱ ንደቀ-መዛሙርቱ እቲ ዜድልዮም ዘበለ ትምህርቲ ኵሉ ምሂርዎምን አርእይዎምን ከም ዝነበረ እቲ ጽሑፍ ብዛዕብኡ ብሩህ እዩ። ብፍላይ እኳ ድኣ ድሕሪ ካብ ምዉታት ምትንስኡ ንገሊላ ከም ዚቕድሞም ነጊርዎም ነይሩ።**

**እዚ ድማ ‘*ጐይታና ተሰቒሉ ቅቡጽ ድሕሪ ደጊም ንኸይብሉ ዝተነግሮም መጸና ንዕን ቃል ተስፋን* እዩ ነይሩ። እንተ ኾነ ግና አይተ ጠቐሙሉን።**

**አብ ክንድኡስ ብፍርህን ራዕድን ተዋሒጦም ኣብ ሓደ ቤት ሸጕሮም፡ ኣዅሪጦም፡ ተሓቢኦም እዮም ነይሮም። እዚ ኹሉ ድማ ንአይሁድ ስለ ዝፈርሁ እዩ። ነፍሲ ወከፍና ካብዚ እንመሃሮ ትምህርቲ ብዙሕ አሎ። ካብዚ ሓደ፡ ምስትውዓል እዩ።**

**እዞም ደቀ-መዛሙርቲ እዚአቶም እቲ የሱስ ኺም ህሮም ከሎ ልቢ ገይሮም**

የስተውዕሉ ነይሮም እንተ ዚኾኑ፡ ነቲ ዚበሎም ቃል ምዘከርዎ። ግና "ነቲ ካብ ምውታት ኪትስእ እዩ ዚብል ጽሑፍ ኣየስተውዓልዎን" (ዮሃ 20፡9)።

ሕጂ ኸአ በቲ ንነፍሲ ወከፍና ዚንገረና ዘሎ ቃል፡ በቲ እነንብቦ መጽሓፍ ቅዱስ ኰነ መንፈሳዊ ጽሑፋት፡ ኣስተ ውዒልና ንኣምላኽ እንተ ደኣ ዘይአ ሚንናዮን ዘይተቐቢልናዮን፡ ብኻልእ ምድሓን ከቶ ስለ ዘየሎ፡ ኽንድሕን ኣይንኽእልን ኢና።

ስለዚ ብየሱስ ክርስቶስ ኣሚንና ኽንድሕንሲ ነቲ ቓል ከነስተውዕሎ ናይ ግዲ እዩ። እምበኣር፡ ብልቢ ነቕልበሉ፤ በቲ ዚንገረና ኹሉ ኸኣ ብምስትውዓል ንቀበሎ። ከም '*ኣመጻጽእኡ ድሓን ኣርክበሉ*' ብዚብል ሕልና ሸለል እንብሎ እንተ ደኣ ኾይኑ ግና ገና ነስተውዕል የሎናን ማለት እዩ።

ሓደ ካብቶም ደቀ-መዛሙር ብዓይኑ ምስ ረኣየ ኣሚኑ። ግናስ፡ እታ ካብ ነፍሲ ወከፍና እትድለ ሓንትስ እምነት ብምርኣይ ድያ? ያእ! ኣይኮነትን። እታ ካባና እትድለ ሓንቲ ከይረኤኻ ምእማን ደኣ እምበር፡ ርኢኻ እትኣምኖስ እምነት'ውን ኪብሃል ኣይከኣልን እዩ።

ናይ እዚ ኣገልጋል ንጉስ ዝነበረ ሰብኣይ እምነት ግና ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ዝተደገፈን ቅቡልን እዩ ነይሩ። እቲ ጽሑፍ፡ "እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር ናይቲ ዘይርአ ነገር ምርዳእ እያ" ይብል (እብ 11፡1)። እምበኣርሲ ናይ እዚ እንዛረበሉ ዘሎና፡ ቀንዲ ነገር ኣብዚ እዩ ዘሎ።

ንየሱስ ከይርኤናዮ፡ ቃሉ ብምስማዕ ጥራይ ኽንኣምኖ፣ ብሓቅን መንፈስን ድማ ክንሰግደሉ ይግባእ። ቶማስ ንየሱስ ብዓይኑ ምስ ረአዮ፡ ጐድኑን ኢዱን ዳህሲሱ ድማ ንሱ ምዃኑ ምስ ኣረጋገጸ ኣሚኑ። ግና የሱስ እንታይ በሎ? ንኢድዎዶ? ኣይፋል! "ኣማኒ ደኣምበር ዘይኣማኒ ኣይትኹን" ደኣ በሎ። ደጊሙ፡ "እቶም ከይረአዩ ዚኣምኑ ብጹኣን እዮም በሎ" (ዮሃ 20፡27-29)።

<u>እምነት</u>፡ ካልኦት ዘይረእይዎ እተርእየካ፡ ብናይ መጻኢ ነገራት ድማ እትሕጒስ እያ። "ዓለም ብቓል ኣምላኽ ከም እተፈጥረት፡ ከምኡ'ውን እቲ ዚርአ ኻብ ዘይርአ ኸም ዝኾነ፡ ነስተውዕሎ ኣሎና" (እብ 11፡3)። ኣቤል ቅድሚ ሕጊ እቲ ዝበለጸ መስዋእቲ ኣየናይ ምዃኑ ብእምነት ስለ ዘለለየ ካብ ናይ ቃኤል ዚበልጽ መስዋእቲ ደኣ ኣቕረበ። "ጻድቕ ምዃኑ ብኣኣ ተመስኪሩሉ ብምውቱ ኸኣ ገና ብኣኣ ገይሩ ይዛረብ ኣሎ" (እብ 11፡4)።

ኖህ ብዛዕባ ናይ እቲ ዚመጽእ ዘመን ተነጊርዎ፡ ጥፍኣት ዕንወት ከም ዚመጽእ ብርግጽ ኣሚኑ ድማ ንርእሱ ተዳልዩ፡ ንኻልኦት'ውን ኪዳለው ነጊሩን ሰቢኹን። ግና ብናይ ገዛእ ርእሶም ኣእምሮ ተመሪሖም፡ ብናይ ገዛእ ርእሶም ፍቓድ ድማ ተወጢጦም ጥራይ ዚነብሩ፡ ስርሖም ድማ ዚገብሩ ስለ ዝነበሩ ኣይኣመኑን። ነቲ መልእኽቲ ኣምላኽ ሸለል ኢሎም፡ እቲ ዚመጽእ ከም ዘይመጽእ ገይሮም ስለ ዚወሰድዎ ኸኣ፡ ኣይተጠንቀቑን። በቲ ዝወረደ ማይ ኣይሂ ኸኣ፡ ብዘይካ ኖህን ቤተ-ሰቡን፡ ዝተረፈ ዘይብሎም ጠፍኡ።

ንብዙሕ እዋናት ወንጌል ኪሰበኽ ከሎ፡ የሱስ ኪምለስ እዩ ተባሂሉ ይንገር እሞ፡ ቅድሚ እቲ ዳግመ-ምምጽኡ ዚኸውንን ዚወርድን ኵነታት ወይ ከመይ ከም ዚኸውን ይንገር። እቶም ዚተዳለዉ ምስ

የሱስ ከም ዚኸዱ፡ እቶም ዘይተዳለዉ ግና አብ ንዘለኣለም ስቅያቱ ዘየቋርጽ፡ ሓውን ዲንን ዚነድድ፡ ከም ዚሾነኑ ይንገር- ምርጭኦም ስለ ዝኾነ ደኣ እምበር የሱስሲ ካብኡ ኬውጽኦም እዩ በይዛ ዚኾነ። እሞ፡ ነፍሲ ወከፍናስ ተዳሊናዶ ኢና? እቲ ምርጫ ተዋሂቡ ኸነሱ፡ ዘይምቕባሉ ግናይ ውጽኢት ኣለዎ። እንሆ ብሓቂ ነፍሲ ወከፍና ምድላው ከድልየና ኢዩ።

ነስተውዕል! ዓለምን አብአ ዘሎን ኲሉ ኺሓልፍ፡ እቶም ንአምላኽ ዘፍቅሩ ግና ንዘለኣለም ኪነብሩ ኢዮም። እምበአርከስ ብየሱስ እመን እሞ፡ ተቐበሎ። ንምድሓንካ ከምቲ ኖህ ብመርከቡ ዝደሓነ ንስኻ ድማ እቲ ኣሚንካ ዝተቐበልካዮ የሱስ ክርስቶስ ብሓቂ ኬድሕነካ እዩ። ብየሱስ እመኒ እሞ፡ ተቐበልዮ። ንምድሓንኪ፡ ከምቲ ኖህ ብመርከቡ ዝደሓነ ንስኺ ድማ እቲ አሚንኪ ዝተቐበልክዮ የሱስ ኬድሕነኪ እዩ።

“እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር፡ ናይቲ ዘይርኤ ነገር ምርዳእ እያ (እብ 11፡1)።

<u>እምነት</u>፡ አመንቲ ናበይ ከም ዚኸዱ ከይፈለጡ፡ ጐይታ ከም ዚበሎም ተአዚ ዞም ይወጹ።

> “አብርሃም ናብቲ ንርስቲ ኪቕበሎ ዝተአመመሉ ስፍራ ኺወጽእ ምስ ተጸወዐ፡ ብእምነት ተኣዘዘ፡ ናበይ ከም ዚኸይድ ከይፈለጠ’ውን ወጸ። ነታ አምላኽ ዝሀናጺአን ዝሰራሒአን፡ መሰረት ዘለዋ ኸተማ ይጽበ ስለ ዝነበረ፡ ብእምነት አብታ ምድሪ ተስፋ ኸም አብ ምድሪ ጓና ኾይኑ ተቐመጠ እሞ ምስቶም ነዛ ተስፋ እዚኣ መዋርስቱ ይስሃቅን ያዕቆብን ኣብ ድንኳን ይነብር ነበረ” (እብ 11፡8-10)።

<u>እምነት</u>፡ አብ አምላኽ ናይ መጻኢ ኵነታት ዘይፈለጥኩ ኢላ አይትጭነቕን። ብኣንጻሩ፡ ብአምላኽ እናተአመንካ ኣብኡ ድማ እናተወከልካ፡ ከምቲ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ዚአዘዘካ ኽትገብር ተኽእለካ።

እወ፡ እምነት፡ ኵነታትን ቦታን ብዘየገድስ፡ አብ ዝኾነ ይኹን ሰዓትን ዕለትን ብአምላኽ ክትነብር ድማ እትድግፈካ ብሓቂ ዓባይ ነገር እያ። ፍጻሜ ዕድሜና ምስ በጽሐ ድማ ምስ ጐይታ ክንከውን ኢና። ብእምነት፡

> “ሳራ ጊዜኣ ምስ ሓለፈ ነቲ ተስፋ ዝሃባ እሙን ገይራ ስለ ዝረአየቶ ዘርኢ ንምትካል ብእምነት ሓይሊ ረኸበት” (እብ 11፡11)።

<u>እምነት</u>፡ አብ ዘይክአል ዚመስል ይከአል ኢላ ትግስግስ። አብ ዘይከውን፡ ጊዜን ቦታን ብዚውሃብ ተስፋ ድማ እወ ኢልካ፡ ነቲ ተስፋ ኽትቅብል ተኽእለካ። እወ፡ ናብቲ እሙን ጐይታ ደአ’ምበር ኣብቲ ዘይክአል ዚመስል ኵነታት ኽትጥምት አይትገብረካን።

ይስሃቅ ሓደ እዩ ዝነበረ። ይኹን ደኣ እምበር አብርሃምን ሳራን ዝረአይዎ ነቲ ተስፋ ኣምላኽ ደኣ’ምበር፡ እቲ ሓደ ምኻኑ ኣይኮነን። ከምቲ ዝተተስፈውዎ፡ ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ አብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ዘይቍጸር ሑጻን ዝምብዝሖም ድማ ኰኑ።

በረኸት ውሉድ ገንዘብ ጥሪት ጥዕና እዚ ኹሉ ብአምላኽ ይበዝሕ። የብለይን ኢልካ አይትጨነቕ። ብየሱስ እመን። እቲ ለውጢ ኩሉ ካብኡን ብእኡን ኢዩ። ምስ እትሓምም ጥዕና፡ ምስ እትጭነቕ ራህዋ፡ ዚርከብ ካብኡ እዩ።

እምበኣርሲ፡ ንእመን፡ ብጐይታ ድማ ተስፋ ንግበር፡ ንሱ ድማ ኼሕውየና እዩ። ብሓጺሩ ሓደ ክልተ ከይበልና በቲ ጐይታ ኣብ ቃሉ ዚህበና ተስፋ ኽንኣምን ኣሎና። ኵሉ በረኸት ሰማይ ይኹን በረኸት ምድሪ ካብኡ ምዃኑ ኣይንረስዕ።

<u>እምነት</u>፡ እቲ ተስፋ ዚተገብሮ እኳ ከይተፈጸመ ጊዜ ዚወስድ እንተ መሰለ፡ ብትዕግስቲ ምጽባይ ተኽእለካ።

> “እዚኣቶም ኩላቶም ነተን ተስፋታት ኣይረኸብወንን ግናኸ ካብ ርሑቕ ርእዮም ተሳለምወን እሞ፡ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃኖም እናተኣመኑ ብእምነት ሞቱ” (እብ 11፡13)።

<u>እምነት</u>፡ ዓለማዊ ሓጐስን ባህታን ትንዕቕ (እብ 11፡24-28)። ንሙሴ ብኣምላኽ ምእማንን ኣብኡ ምውካልን፡ ካብቲ ዝለዓለ ኣነባብራ ናይ ዓለምሲ ምስ ህዝቢ ኣምላኽ ደኣ መከራ ኺመርጽ ዘኽኣለቶ እምነት እያ። ካብቲ ዝርአ ጣዕሚ ዓለምሲ እቲ ዘይርአ ናይ መጻኢ ጣዕሚ ብኣምላኽ ግሁድ ገይራ ኣርኣየቶ።

እወ፡ ሓደ ኣማኒ ኣምላኽ ኪህልዎ ዘለዎ ናይ መንፈሳዊ ትሕዝቶ እዚ ኢዩ። ኣሚንካ ብተስፋ ምንባር፡ “ሕጂ ግና እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ እዘን ሰለስተ እዚኣተን ይነብራ” (1ይ ቆረ 13፡13)።

እምበኣርሲ፡ ንኣና፡ እዞም ኣብዚ ዘመን እዚ እንነብር፡ ካብ የሱስ ዚተዋህበና መልእኽቲ እዚ ኢዩ።

> “ልብኹም ኣይሸበር ብኣምላኽ እመኑ ብኣይውን እመኑ። ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ። እቲ እንተ ዘይህሉስ ምበልኩኹም ነይረ። ስፍራ ኽዳል ወልኩም እኸይድ ኣሎኹ። ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳሎኹልኩም፡ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ንስኻትኩምውን ኣብኡ ምእንቲ ኽትኰኑስ፡ ተመሊሰ ኺመጽእ እየ እሞ ናባይ ክወስደኩም እየ (ዮሃ 14፡1-3)።

ነቲ ኹሉ ዚፈጠረ፡ ብእንኮ ሓይሉን ስልጣኑን ድማ ንኹሉ ዓቂቡ ዚነብር እግዚኣብሔር ጐይታ ሰራዊት ስብሓት፡ ይኹን። ኵሉ ናይ ሓጢኣት ዕዳ ብየሱስ ተኸፊሉ። ንሕና ካብ ባርነት ሓጢኣትን ካብቲ ዘኸትሎ ናይ ዘለኣለም ኲነኔን ምእንቲ ኽንምልጥ እሞ ነጻ ድማ ኽንወጽእ ምግባሩ ከይኣክል፡ ዝኸበረ ሰማያዊ ቤት ኣዳልዩልና።

ዘይግባእና እኳ ኽነሱ “ወርስቲ ኣምላኽ መዋርስቲ የሱስ” ገይሩና እዩ እሞ፡ ንዑ ነዚ ኣምላኽ እዚ ብምሉእ ልብና ንእመኖ፡ ንስሙ ድማ ክብ ነብሎ።

ቃሉ ንመገብ፡ ብጸሎት ከኣ ምስኡ ኵሉ ጊዜ ብዘይ ምቁራጽ ንራኸብ። ንሱ ድማ፡ ከምቲ ቃሉ፡ እሙንን ጻድቕን እዩ እሞ፡ እቲ እንኸደሉ መገዲ ኼርእየና እዩ። ኣረ ኺመርሓና ቀቅድሚና’ውን ኪኸይድ እዩ። “ኣነ ኽምህረካ ነታ እትኸደላ መገዲ ድማ ክርእየካ እየ። ዓይነይ ናባኻ ኣቢለውን ክመኽረካ እየ” (መዝ 32፡8)።

የሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ብኣይ ዚኣመነ ከቶ ንወጻኢ ኣይክድርብዮን እየ ኢሉ። እዚ ብእንታይ ዓይነት ኣረኣእያ ወይ ኣተረጓጕማ ንርእዮ ብዘየገድስ፡ እቲ ዘስምዖ ትርጉም ንጹር እዩ። እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚኣምን ምስኡ ኺነብር እዩ። ነዚ ቓል እዚ ዘይምእማኑ ኸኣ ነቲ ብሃሊኡ ሓሳዊ ጌርካ ምውሳዱ እዩ። እሞ፡ ምርጫና ንግበር! ድሕሪ ሞትሲ፡ ናበይ ክንከይድ ኢና እንደሊ? ንወጻኢ ንገሃነብዶ ወይስ ምስ የሱስ? እቲ ውሳኔ ግላውን ናይ ነፍሲ ወከፍን ሰብ እዩ። እንታይ እዩ ውሳኔኻ? እንታይ እዩ ውሳኔኺ?